ገመል ሰሪቕካ ጉንብሕ ጉንብሕ



ተዳናገጽቲ ስብሓት መንደላይ
ደለይቲ ፍትሒ ኣይኮኑን ነዓይ
ግርማይ ኪዳነ ምቕናይ ጥራይ ምቕናይ፣

ከም ዕላሙኡ ቢኢዱ
ንተንቤናይ ደቂ ዓዱ
ዘሚቶም ምስ ከዱ
ዶብ ከፍቱ ዶብ ይዓጹ፣

ንደቀባት ኣዛናቢሉ
ንውሕስነቱ ንቦቶኦም ዓዲሉ
ንያት ኤርትራዊያን ኣህሲሱ
ንሓለውቲ ስልጣኑ ኣጣይሱ፣

ገመል ሰሪቕካ ጉንብሕ ጉንብሕ
ዶብ ምኽፋት በይኑ መዓስ የርብሕ
ከም ኣመሉ ወያነ እንዳ በለ ዝነብሕ
ንከጽተና መሐውራቱ ስለያ ክዝርግሕ
ወዲ ሕድርትና ዶ እሱራት ከይፈትሕ፣

ኣብ ፌስቡክ ኮይኑ ዝህዲድ
ህግደፍ ብዙሕት ይሰድድ
ውይልኡ ጸረና ዝዓርድ
ምስ ተንቤናይ ሐዊ ይነድድ፣

ምዝጉብ ዩ ታሪኽ ትማሊ
ዓርኪ ወያነ ኣብ ገድሊ
ስብሐት ነሩ መውደልደሊ
ቪቫ ወዲ ኣፎም በሃሊ፣

ሰዓብቱ ኣትማን ንሱ ገበል
ታህዲድ ኑስ ኣል ዓመል
ውርሻ ዶ ኮይንኩም ኣመል፣

ዓርኪ ሰባር ነቓዕ
ሕድሪ ጠሊሙ ዝብል ሸናዕ
ጅግና ኢለዮ ትብል ንከድዓዕ፣

ዋሪ ዋሪ ብረሪ
ከምዚ ኢልኪ ሐብሪ
ንዘይ ጠለሙ ሕድሪ
ኣይትተንከፉ ንረበጽ ጓህሪ፣

ክንደይ ዓቕብ ዘይወጻእና በለት ኣድጊ
ብደም ዝጠልቀዩ ምስ ጃንዱኡ ዘርጊ
ትማልን ሎሚን  እንቢ ንኣልቦ ሕጊ፣

ህዝቢ ኤርትራ ንክወጽእ ሐራ
ብሉጻት ደቁ ሂቡ ቀሊቡ ንሰውራ
ኢዱ ኣይፈደይዎን እዞም ጭፍራ፣

ብደብዳብ ነፈርቲ ካብ ዓዱ ዘይወጸ
ብናይ ክልተ ውዲት ምስ ተረገጸ
ከም ዓዋተ ጅግና ዘዋሃህዶ ምስ ቀበጸ
ካብ ስግር ዶብ ንቑጽ ባኒ ምስ መጸ
ብስልቲ እዩ ዶብ ከይተዓጸወ ዝነፈጸ፣

ዲል ምስ ረኸበ ክተሐሐዞ
ሜሬቱ ክይሸየጥ ከይልወጥ
ህዝብና ኣብ ዓዱ ክብል ግጥ
ዶብ ይተዓጾ እንበር ይረገጥ
ግርማይ ዕሩብ ሕልና ኣይትወጠጥ
ከም ጀነራል ጎልፎ ስብሐት ከይትጅለጥ
ንበርሀ ታህዲድኩም ድንብርጽ ከምዘይ ብሎ ፍለጥ፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነበዐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ'ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና'ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን'ካብ ዉሽጢ ሑሩር'ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።